# ናይ ሲያትል ፓርኪንግ ተቖጻጻሪ መን እዩ፣ ንምንታይን?

Seattle Department of Transportation (SDOT, ናይ ሲያትል መምርሒ መጐዓዝያ) ዝተኣሳሰሩ ሰባት፣ ቦታታን ፍርያት ዘለዋን ብርህቲ ዝኾነት ከተማ ንምግባርጋ ብሓሳብ ኣብ መንገዲ ደው መበሊ መኪና የመሓዳድር፡፡

ንግልጋሎት ደው መበሊ መኪና ኣብ ጎደናን (ከምኡ ድማ መመሓላለፊ፣ኣቕሓን ምውራድን ንካልኦት ብዙሓት ነገራት ዘገልግል ናይ መንገዲ ጫፍ ቦታ ብዝለዓለን ዝድለን ግን ውሱን ዝርከብ እዩ፡፡ ስለዚ፣ ናይ ሰባትን ኣቑሑን ምንቅስቓስ ብዝተሳለጠ ንምግባር፣ ናይ ንግዲ ከባቢታት ጥቕሚ ንምድጋፍን ንመነባብሮ ጥጡሕ ዝኾነ ከባቢ ንምፍጣር ነሓድሕዱ ድሌታት ብጥንቃቐ የማዛዝን፡፡

ስለዚ'ውን ናይ መንገዲ ደው መበሊ መኪና እንቆጻጸሮ፣ ክፍሊት ዘሎ ደው መበሊ መኪና፣መጽዓኒን ኣብ ከባቢ ሓጺር ጊዜ ደው መበሊ መኪና ከምኡ ድማ ኣብ ከባቢ ሰባት ዝነብርሉ ዝተደረተ ደው መበሊ መኪና መንገዲ ነዳ ፡፡ ምስ ሲያትል መምርሒ ፖሊስ፣ ቤት ጽሕፈት ምኽባር ሕጊ መዕሸጊን፣መምርሒ መደብ ግን ምዕብልናን (ካብ መንዲ ወጻኢ ንዘሎ ደው መበሊ)፣ ዞባዊ ምስ ቤት ፍርዲ ሲያትልን ምስ መምርሒ ፋይናንስን ምምሕዳራዊ ኣግልጋሎትን ብሓባር ንሰርሕ፡፡

## ቲኬታትን ፓርኪንግ

ቲኬታትን ፓርኪን ግን ክወሃበኩም ካብ ዝገብሩ ኩነታት ከም ትርሕቑ ተስፋ ንገብር፡፡ ይኹን እምበር፣ ቲኬት እንተተዋሂብኩም ኣብውሽጢ 15 መዓልታት መቕጻዕቲ ክትከፍሉ ትኽእሉ፡፡ ናይ መቕጻዕቲ ክፍሊት ንምኽፋል ኣርባዕተ መማረጺ ዘለዎ እንትኸውይኑ እዞም ኣብ ዝባን ምርጫታት እቲ ቲኬት ተጻሒፎም ይርከቡ፡፡

**በቲ ዝመጻኩም ደብዳቤ ኣብ ውሽጡ ዘሉ ቦስጣ ምልኣኽ ይ እከኣል፡**
Municipal Court of Seattle, PO Box 34987,
Seattle, WA 98124-4987

**ብተሌፎን፡** (206) 233-7000

**ኦንላይን:** www.seattle.gov/courts

**ብኣካል:** Municipal Court of Seattle,
600 5th Avenue, ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ፣ 8 AM–5 PM

## ቆጸራ ቤት ፍርዲ


እዚ ዝተወሃበኩም ቲኬት ብጌጋ እዩ ኢልኩም እንተ ኣሚንኩም፣ እቲ ቲኬት ምውሃቡ ብምቅዋም ኣብ ቅድሚ ፈርዲ ምቕራብ እንተደሊኩም፣ ናይ መቃወሚ ይግባይ ክዳለወልኩ ምምሕታት ትኽእሉ፡፡

ናይ ሕጊ ጥሕሰት ምፍጻምኩም ኣሚንኩም፣ ግን መጠን መቕጻዕቲ ገንዘብ ክንከየሎም ምስ እንትደልዩ ናይ መቕጻዕቲ መነከዪ መገባእያ ክዳለወልኩምክትሓቱ ትኽእሉ፡፡

**ንተወሳኺ ሓበሬታ፡** (206) 684-5600 ወይ
www.seattle.gov/courts/hearings/
hearinginformation.htm

## ዘይተኸፈሉ ትኬታት

ኣርባዕተ ወይ ካብኡ ንላዕሊ ዘይተኸፍሉ ናይ ፓርኪንግ ትኬት ዘለዎም መካይን ከይንቀሳቐሱ ዝገብር መሳርሒ ይግጠመሎም፡፡ ሓደ ጊዜ እዚ መሳርሒ እንተተገጢሙ፣ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ትኬታትን እንተዘይተኸፈሎም እታ መኪና ትውሰድ፡፡ ተወሳኺሓበሬታ፡ www.seattle.gov/scofflaw




## ናይ ጫፍ መንገዲ ደው መበሊ ዝኽፈል።

ብክፍሊት ኣግልጋሎትደው መበሊመኪና ካብ ሰኑይ ክሳብ ቀዳም ካብ 8 ንጉሆ ስጋዕ 6 ምሸት ወይ 8 ምሸት እዩ፡፡ መጠን ክፍሊት ንሰዓት በብዓመቱ ዝውሰን እንትኾን ከምኩነታት ከባቢ ዝቀያር ይኸውን፡፡ ቀጠልያ ቀለም ዘለዎ ናይ ክፍሊደው መበሊ,ፓርኪን ዝምልክት ዝሓሸ ዋጋ የመልክት፡፡ ሰማያዊ ቀለም ዘለዎ ምልክት After 5 ምልክት እንተዘይርእዮም፣ ናይ ምሸት ክፍሊት የድሊ ማለትእዩ፡፡ ትራፊክ ኣብ ዝበዝሖ ብዙሕ መንገዲ ንጉሆን ምሸትን ኣብ ጫፍ መንገዲ መኪና ደው ምባል ደረት አለዉ፡፡

ኩሉ ናይ ክፍሊት ቦታታት ደው መበሊ መኪና ክፍሊት ሞባይል ኣለዎም፡፡ ካብ app store ናይ PayByPhone app መተግበሪ ኣውሪድኩም ስሉጥን ጥጡሕን ክፍሊት ፓርኪ ንምኽፋል ዘኽእለኩም ኣካውንት ትፍጠሩ፡፡

## ናይ መራኸቢ መንገድታት ሱሉጣት መሳርሒታት

ንተወሳኺ ሓበሬታ፡
**(206) 684-ROAD (7623)**

ዘህውኹ ንዘይኮኑ ጉዳያት ምስ ናይ ፓርኪ ንግሕጊ መኸበሪ ሰብ ዝርራብ ምስ እንትደልዩ፡
**(206) 625-5011**

ዋና ኣልቦ መካይን ሪፖርት ንምግባር፡
**(206) 684-8763**

መኪናኩም ኣብ ህዝባዊ መንገዲ ተጎቲቱ እንተተወሲዱ፡ **(206) 364-2000** ወይ እዚ **www.seattleimpound.com** ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

ናይ ' SDOT' ፓርኪን ግሓበሬታ ንምርካብ፡ **www.seattle.gov/parking** ኣብዚ ጠውቑ።

በስማርት ስልኪ ዝኣበየ ናይ ዳውን ታውን ፓርኪን፡ **www.DowntownSeattleParking.com** ኣብዚ ጠውቑ።

ናይ SDOT ናይ ሕጂ እዋን ቦታ መዕሸጊ (ጋራጅ) ሓበሬታ ንምርካብ፡ **www.seattle.gov/transportation/epark/mobile** ኣብዚ ጠውቑ።

# ኣብዚ ደው ምባል ይኽእል ዶ?

ምልክታት ፍለጡ፣ትኬት ከይወሃበኩም ተጠንቀቑ፣ ሕጊ ኣኽቢርኩም መኪና ደው ኣብሉ፡፡ **ከመይ ከም እትገብሩ ከነርእየኩም ኢና፡፡**



Seattle Department of Transportation

11.2016

# ኣብዚ መኪና ደው ምባል ክልኩል እዩ

## ጸቢብ መመሓላለፊ መንገዲ

ኣብ ጸቢብ መመሓላለፊ መንገዲ ንነዊሕ ጊዜ ኮነ ሓጺር ጊዜ መኪና ደው ኣይተብሉ። ናይ ንግዲ መካይን ስጋዕ 30 ደቒቓ ዝኾነ ንጊዜ ደው ኣቢልኩም ምጽዓን/ምርጋፍን ትኽእሉ።

## ደው ኢልካ ቅድሚያ ሃብ

ደው ኢልካ ቅድሚያ ሃብ ዝብል ምልክት ኣብዘለዎ ቦታ ኣብ 30 ስጉምቲ ርሕቐት ውሽጢ ወይ ኣብ መመሓላለፊ ኣጋር 20 ስጉምቲ ርሕቐት መኪናደው ኣይተብሉ።

## ናይ መመሓላለፊ መንገዲ

ካብ መመሓላለፊ መንገዲ ብ 5 ስጉምቲ ርሕቐት መኪና ደው ኣይተብሉ። ነበርቲ/ሰብ ገዛ ኣብ መተሓላለ ኣብ ሕድሕድ ጎኒ ስጋዕ 5 ስጉምቲ ብጫ ቀለም ምልካይ ይኽእሉ።

## ናይ ሓዊ መጥፋኢ ዘለዎ

ናይ ሓዊ መጥፋኢ ፈሳሲኣብዘለዎ ቦታ ኣብውሽጢ 15 ስጉምቲ ርሕቐት መኪና ደው ኣይተብሉ።

## መንገድታት ኣጋርን ናይ ኣትክልቲ መትከሊ ቦታ

ኣብ መንገድታት ኣጋር ከምኡ ድማ ኣብ መንጎ መንገዲ ኣጋር ንመንገዲ መካይን ኣብ ዘለዉ መካፈሊ ቦታታት ወይ መትከሊ ኣትክልቲ መካይን ደው ኣይተብሉ።

## መራኸቢን ኣጋር መንገዲን

ኣብ መንገድታት፣ኣብ መመሓላላፊ ኣጋር ወይ ከባቢ መመሓላላፊ ኣጋር ኣብ ውሽጢ 20 ስጉምቲ ርሕቐት መካይን ደው ኣይፍቀድን፤ናይ"T" መስቀለኛ መንገዲ ይሓውስ። ናይ ፓርኪንግ ምልክት ከምዘይለ ኣረጋግጹ። መመሓላለፊ ኣጋር ምልክት ዘለዎም (ቀለምዝተለኸየ) ወይ ምልክት ዘይብሎም (ብዘይቀለም) ክኸውን ይኽእል።




## መኪይ ዝጉተታሉ ቦታ

ዝወሰደሉ ቦታ ኣብዞም ቦታታት ወይ ቀይሕ ኣብ ዝተለኸዩ ቦታታት ንነዊሕ ጊዜ ኮነ ሓጺር ጊዜ መኪና ደው ኣይትበሉ።



## ደው ምባል ዘይከኣለሉ ቦታታት

ኣብዞም ቦታታት መካይን ደው ኣይተብሉ።




## ንግዝየኡ ደው ምባል ዘይፍወዱ ቦታታት

ኣብቲ ምልክት ብዝተለጠፈ መዓልታት ንሰዓታት መካይን ደው ኣይተብሉ። ሕቶ እንተሃሊኩም ንቤት ጽሕፈት ኣገልጋሎት ዓማዊል ብቑጽሪ ስልኪ (206) 684 - CITY (ከተማ) ደውልኩም ተወከሱ።

## ካልኦት ዝተፈላለዩ ቦታት

ኣብ ኣውቶብስ ደው መበሊ፣ ናይታኽሲ ደው መበሊ፣ ቻርተር ኣውቶብስ ደው መበሊ ወይ ኣብ መኣከቢ መካይን ደው ኣይተብሉ።

## ናይ ንግዲ ዓበይቲ መካይን

ኣብ ውሽጢ ንግዲ ካብ ፍርቂ ለይቲ ስጋዕ 6 ንጉሆ ኣብ ዘሎ ጊዜ እንተ ዘይኮይኑ ካብ 80 ኢንች ላዕሊ ስፍሓት ዘለዎን ናይ ጽዕነት መካይን/ ምስ ተስሓቢ ኣብ ዝኾነ መንገዲ ወይ ጸቢብ ጎደና ደው ኣይትበሉ።

5 ስጉምቲ — ናይ እግረኛ መንገዲ

15 ስጉምቲ — ናይ ሓዊ መጥፋኢ ፈሳሲ ፍልፍል

20 ስጉምቲ — መመሓላላፊ ኣጋር

30 ስጉምቲ — ናይ ደውበል/ቅድሚያ ሃብ ምልክት

**ኣብ ክንደይ ዝኣክል ርሕቐት ደው ክብል ይኽእል?**

# መኪና ደው ምባል ሓደ ሓደ ግዜ ይፍቀድ





## ናይ ኣካለ ጎደሎ ደው መበሊ መካይን

ቦታኣካለ ጎደሎ ዝተፈለየ ደው መበሊ መካይን ደው ኣይተብሉ ወይ ፍቓድ ተጠቐሙ፡ 1) ንስኹም ወይ ተሳፋሪኹም ጉድኣት ኣካል እንተዘይኮይኑ መኪናኹን ዝጸንዐ ምልክት ጎደሎ ኣካል ቁጽሪ ሰሌዳ፣ መለለዪ ቁጽሪ እንተዘይተለጢፉ ጥራሕ። እዚቦታብዘይ ኣግባብ ምጥቃም ስጋዕ $450 የቕጽዕ።




## ናይ ክፍሊት ደው መበሊ መካይን

ኣብ ጽሕፈት ወይ ብተሌፎን ክትከፍሉ ትኽእሉ። 'After 5' ካብ ዝብል ምልክት ቀጽሉዝሀሉ ሰማያዊ ምልክት ድሕሪ 5 ምሸት ናይ 3 ደቓይቕ ገደብ ጊዜ ዝሕብር እዩ። ሐምላይ ምልክት ዝሕብር ድማ ብትሑት ክፍሊት ወይ ንነዊሕ ጊዜ ደው ምባል ዝተፈቐደ ምዃኑ እዩ።





## ዝተደረተ ደው መበሊመካይን (RPZ)

መካይንኩም ናይ( RPZ) ፍቓድ እንተለዎ ስጋዕ 72 ሰዓት ጥራሕ ዝጸንሕ ጊዜ ኣብ ዝተኸተመ ናይ RPZ መንገዲ መካይን ደው ምባል ይከኣል።ፍቓድ እንተዘይብልኩም በቲ ዝተለጠፈ ሰዓት ይውሰን። ደውሉ፡
(206) 684-5086.





## ዝለዓለሎም ሰዓታት

እዚምልክት ኣብ ዝተለጠፈሉ ሰዓታት መካይንኩም ክወሰዱ እዮም።ዝተደረተሉ ሰዓት ዝቐየር ብምዃኑ እቲ ምልክት ብጥንቃቐ ረኣዩ።




## ብጊዜ ዝተደረቱ ቦታታት

እቲ ዝተለጠፈ ደረት ሰዓት ብምኽባር መካይን ደው ኣብሉ። መካይንኩም ካብዚ ወጻኢ ኣብ ዘሎ ቦታ ደው ከተብሉይግባእ ። (ኣብቲ መንገዲ ክልተ ኣንፈት)፡ ኣብነት፣ቀጸሉ ኣብ ዘሎ ቦታ ወይ ኣብ ከባቢ ኩርናዕ።





## መፅዓንን መውረድ

ኩሎም መካይን ኣብቲ ምልክት ብዝተለጠፈ ሰዓት ምጽዓንን ምርጋፍንይከኣል።
(ናይ መንገዲ ጫፍ ቀለም ብጫ።)





## ተሳፋሪ ምጽዓን

ኩሎም መካይን እቲ ምልክት ኣብ ዝተለጠፈሉ ሰዓትን 3 ደቒቕ ዝኣክል ተሳፋሪ ምጽዓንን ምርጋፍን ይከኣል።
(ናይ መንገዲ ጫፍ ቀለም ጻዕዳ።)




## ናይ ጽዕነት መካይን መጽዓን መራገፍን

ናይጽዕነት መካይን ቁጽሪ ሰሌዳ ዘለዎም ተሽከርከርቲ ጥራሕ ኣብ ውሽጢ እቲ ምልክት ብዝተለጠፈ ሰዓት ምጽዓን/ምርጋፍ ይኽእሉ።
(ናይ መንገዲ ጫፍ ቀለም ብጫ።)




## ናይ ንግዲ መካይን መጽዓኒ ቦታ (CVLZ)

ናይ ንግዲ መካይን ጥራሕ ስጋዕ 30 ደቒቕ ንዝኾነ ጊዜ ምጽዓን/ ምርጋፍን ይኽእሉ። ክፍሊት ምኽፋል ወይ ዝጽንዐ ናይ CVLZ ፍቓድ ምሓዝ ይግባእ። ደውሉ፡ (206) 684-5103.
(ናይ መንገዲ ጫፍ ቀለም ብጫ።)

## ካልኦት ኩነታት

**ናይታርጋ ቁጽርን መፍለይ ቁጽሪ**

ናይ መኪናኹም ናይ ቅድሚት ወይ ድሕሪት ታርጋ ቁጽሪ እንተ ሃሊዎ ወይ ኣገልግሎቱ ዘብቀዐ መለለዪ ቁጽሪ ሒዝኩም ኣብ ጫፍ መንገዲ ደው ኣይተብሉ።

**ናይ 72 ሰዓት ሕጊ**

መካይንኩም ካብ ትሕቲ ሓደ ብሎክ ልዕሊ 72 ሰዓት ደው ኣይተብሉ፤ እንተዘየለ፣ ዋና ኣልቦ ተባሂሉ ስለ ዝቖጸር ቲኬት ይጸሓፍ ወይ ተጎቲቱ ይውሰድ።